እስ – ዓንቂዃ

ሽምገልና ዘይኮነ ሽርክሰት ዝሕመረቱ ንሰብ ጉዳይ ወሂ ተራ ዝሰብ ቅጥዐ - ዘተዩ፡ እቲ ወጽኢታዊ!!

ንመራሕቲ ሃገራት ኤርትራ፡ ሊብያ፡ ሱዳንን ሜድን ዘሳተፈ፡ ኣብ ጉዳይ ዳርፎር ብፍላይ፡ ኣብ ዞባዊ ጸጥታን ምርግጋእን ድማ ብሓፈሻ ዘተኰረ ናይ ምምኒኻር ኣኼባ ኣብ ሊብያ ኪካየድ ቀንዩ ኣሎ።

ኣብ ሱዳን ኣጠቓላሊ ፖለቲካዊ ፍታሕን ሃገራዊ ዕርቂን ንምስፋን ኪካየዱ ዝጸንሑ ጸዕርታት፡ ምስናይ ብዙሕ ዕንቅፋታት ክሳብ ሕጂ ዘረጋገጽዎ ስጉምቲታት ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ኣብ መንነ ተቓወምቲ ደቡብ ሱዳንን መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነት ሱዳንን ኣብ ኒፋሻ ዝተብጽሐ ስምምዕ፤ ምስ ተቓወምቲ ምብራቕ ሱዳን ብመንጎኖኑት ኤርትራ ኣብ ኣስመራ ዝተኸተመ ውዕል-ሰላም፡ ገለ ካብቶም ጉሑሓት ዓወታት እዮም። እዞም ስምምዓትዚኦቶም ክድልድሉን ኣብ ምርግጋእ መላእ ሱዳን ኣበርክቶ ኪገብሩን ድማ፡ ተራዕ ዘሎ ጸገማት እውን ፍታሕ ክርከበሉ የድሊ። ሓደ ካብኡ ኣብ ዞባ ዳርፎር ዘሎ ቅልውላው እዩ።

ቅልውላው ዳርፎር ካብቲ ኣብ ካልእ ክባቢታት ሱዳን ዝጸንሐ ጸገማት ብዙሕ ዘይፍለል ብምኳኑ፡ ፍታሕ ክረክብ ዝኽእልን ዝግብኦን እዩ ነይሩ። እንተኾነ ንኻልእ ኣጀንዳታት ብዝቐንዐ ምትእትታውን ግዳማውያን ሓይልታት፤ ብቐዲ ሓኺልን - ሓኺለን ስምምዕ ንምስማዳድ ኪካየድ ብዝጸንሐ ፈተነታት፤ ነቲ ኣብ ሽግር ዘሎ ህዝቢ ዳርፎር መመሳመሲ ብምግባር ብስም ሰብኣዊ ምንጋው ኣብታ ሃገር ዝተፈላለየ ኣስማት ዝሓዘለ ዓቃብ ሰላም ንምውፋር ኪግበር ብዝጸንሐን ዘሎን ጸቕጢታት፡ እቲ ጉዳይ ኣብ ኣዝዩ ዝተሓላለሸ ደረጃ ምብጽሑ እምብዛ ዘተሓሳስብ እዩ። ምትሕልላፕ ናይቲ ጉዳይ፡ ብቐጻዳምነት ንህዝቢ ሱዳን፡ ብኻልኣይ ደረጃ ድማ ንጸጥታን ምርግጋእን ህዝብታት ዞባና ብኣሉታ ዝጸሎ ብምኳኑ ከኣ፡ ዝያዳ ኩሉን ቅድሚ ኩሉን፡ እተን ብቐጥታ በዚ ጉዳይዚ ዝጽለዋ ሃገራት ተሳዒበን ፍታሕ ከናድያሉ ዝግባእ እዩ።

ናይ ቅድሚ ሕጂ ተሞኩሮ ብግብሪ ከምዘረጋገጽ፡ ፍታሕ ብቐንዱ ካብ ሰብ ጉዳይ እዩ ዝምንጨ። ምኽንያቱ ዝኾነ ሕብረተሰብ ናይ ባዕሉ ክውንነት፡ ፖለቲካዊ ፍልቀትን ውሽጣዊ ዳይናሚዝምን ስለዘለዎ፡ ውሽጣዊ ሰላምን ምርግጋእን ሓደ ሃገር፡ ካብ ባዕላዊ ንቕሓትን መረዳእታን ፈሊቐ ብውሽጣዊ መስርሕ ዝረጋገጽ እምበር፡ ምውት መስመር ኣቐሚጡ በስገዳድ ዝኾብኩሉ ጸቕጢን ምትእትታውን ግዳማውያን ሓይልታት ከረጋግፅ ዝኽእል ከምዘይኮነ ብተግባር ብዙሕ ግዜ ተመስኪሩ እዩ። ስለዚ ተራ ጎረባብቲ ሃገራት ይኹን ካልኦት ክሽምግሉ ዝደልዩ ወገናት፡ ብሃናጺእን ሕውነታዊን መንፈስ ንሰብ ጉዳይ ብምቅርራብ፡ ብናጻን ብዘይ ጸቕጢን ብኽፉት መገዲ ዝዛዘብሉ ባይታ ምፍጣር ኪኽውን ይግባእ። ካብዚ ኣመለኻኽታዚ ዝብገስ መርገጺ ኤርትራ፡ እቲ ወሳኒ ተራ ንዋናታት ብምግዳፍ፡ ኣብቲ መስርሕ ዝተሓጋገዙ መሻርኽቲ ብንጽህናን ንናይ ሓባር ረብሓ ብዘገልግል መገዲን ኣበርክቶ ኪገብሩ እዩ ዝመክር። ኤርትራ፡ ናይ ደቡብ ኮነ ናይ ምብራቕ ሱዳን ሽግራት ኣብ ምፍታሕ በዚ መንፈስዚ እያ ተዋሲኣ። ሕጂ እውን ኣብ ጉዳይ ዳርፎር በዚ ቅኑዕን ውጽኢታዊን መገዲ ካብኣ ዝድለ ኣበርክቶ ክትገብር ድልውቲ እያ።

ቃለ-መጠይቕ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ

** ብ2013 21ን ለካቲት ንዘምደና ሱዳንን ሜድን ከምኡውን ንጉይ ዳርፎር ዝጸለለን ንኽብ ዞባዊ ኣኽቦ ኣብ ሲብሲ ተኻይዱ ነይሩ። ኣብ መንነ ሱዳንን ሜድን ዘሎ ዘይምዝዝም ጠንቂ እንታይዩ? ዝዘፍሕሽ ብኸመይ ይጸልም? እቲ ኣብ መስርሕ ዘሎሽ እንታይዩ?*

- ሕጂ ሃዲስ ግዜ ኣብ ዝወስድ መገለጺ ክንኦቱ ኣዳጋሚ እዩ። ምናልባት ካልእ ኣጋጣሚ ክኸብሎ ይኽእል ይኸውን፤ ግን እቲ ቁምጥሩ ኣብ መንነ ሱዳንን ሜድን ዘሎ ሽግር ካብ ጉዳይ ዳርፎር ፈሊኻ ክርኢ ዝኽእል ኣይኮነን። ንጉይ ዳርፎር ንምፍታሕ ቅድሚ ሕጂ ነቑዲዱ ዝጸንሑ ህቑናታት ኣብ ምንታይ ደረጃ ከም ዝበጽሑ፡ ታሪኽም፡ ምትሕልላኻዮም፡ ብዙሕ ግዜ ዝወስድ ኣርእስቲ እዩ - ክንዛረቦሉ ኣኽእል ኢና። ኣብ መወዳኣታ ግን ኣይተሓወቱን። ስለዚ እቲ ናይ ዳርፎር ሽግር ንምፍታሕ ዝተዋደድ ቀጻሊ ጸዕርታት ከም ዕማም ተታኒሑ ዝጸንሐ ኢዩ። ብዓቕምና እቲ ዝግባእ ኣበርኪቶ ክንገብር ጸኒሕና ኢና። እቲ ካብ ሃዲሕ እዋን ንብሎ ዝሰበርናዮ እናተጋህደ ዝመጸ ግን ኣብ መንነ ናይ ሜድን ሱዳንን ሽግርን ኣብ መንነ ዳርፎርን ክልቲኦኑ በበይኑ ፈላሊኻ ክትፈትሑ ወይ ንሓደ ሽግር ሰብቢኦ ክትፈትሑ ምፍታት ኣብ መወዳኣታ ግዜ የህልኹ ዘይኮነ፡ ምትሕልላኻት ዘለትልወን ስለዝኾኑ ክልቲኦኑ ጠሚርኦ ክፍታሕ ክኽእሉ ኣለዎ ከይደገለቕካ ማለትዩ። እዚ ሓሳብ ቅቡል ኮይኑ ብኹሉ መጠን ካብቲ ሓደ ነቲ ሓደ ከይፈለኻ ክትሓዝ ኣለዎ ተባሊሉ ንዕኡ ገሚኑን መደብ ወጺኡሉ ቡቲ ገምባኢ ጎደና ተገቢሉ ኣሎ ኢልና ክንዛረብ ኮኽእል።*

** ሓደ ሳህለዋይ ቦጋል ስልጣን መንግስቲ ሱዳን ደሕሪቲ ርሑብ መንግስቲ ሜድን መንግስቲ ሱዳንን ኣብ ስምምዕ ከምዝበጽሑ ገጺጽ። ነቲ ዝበጽሕዎ ስምምዕ ትክታተል ወይ ትቆጽጽር ኤርትራ ብኹትዕዝን ሃገራት ሓንቲ ኮሚታ ከምዝፈጠሮትውን ገጺጽ። ዕዋም ናይዚ ቆይሙ ዘሎ ኣቓል እንታይዩ? ብኸመይስ?*

- ሓደ፡ ብዘዕዋቲ ረኽቦትን ወጽኢቱን ግዜኡ ዘይኣኽል መገለጺታት ክወሃብ የብሉን - ሓደ ካብቲ ስምምዕና ስለዘሎ። ኣነ ካብኡ ወጺኡ ብዙሕ መገለጺታት ክወሃ ኣይደልንየ። እቲ ቁምነገር ግን ቅድሚ ሕጂ ዝተበጽሑ ስምምዓት ስለምንታይ ኣይተተግበሩን - ብዙሕ ምኽንያታት ኣለዎም። ናይ ኣበጃ ክንጠቅስ ንኽእል - ንሱ ንዘይት ኣርእስቲ ስለዝኾነ። ኣብ መንነ ሜድን ሱዳንን ዘሎ ሽግራት ንምፍታሕ ተዛዚሉ ብሊብያ - ብቕዛፊ ዝተወስደ ተዋሃሕ ዓሚ ከምዝ እዋን ነይሩ። ናይ ክልቲኦን ሃገራት ስምምዕ ተገይሩ - እቲ ስምምዕ ግን ኣብ ወረቐትዩ ተሪፉ። ሕጂ ምስቲ ኣቐዲመ ዝጠቐሰከም ኣርእስቲ ናይ ሜድን ሱዳንን ጉዳይ ማዕረ ናይ ዳርፎር ክፍታሕ እንተድኣ ኮይኑ እቲ ቅድሚ ሕጂ ዝተበጽሐ ስምምዕወን ንኽእ ኣበር ኣለዎ ክህሊ ስለ ዘይኽእል ብመትክል እቲ ጽሞም እንታይዩ ነይሩ ተባሊሉ ተመርሚሩ ንኡኡን ተግባራውነቱን ዘረጋገጽ ሓደ መኪዝም ወይ ኣሊያ ክህሉ ኽኽእል ኣለዎ። ንሱ ዝርዝራቱ ብጽሑፍ ተገሊጹ። ናይ ግዜ ሰሌዳ ወጺኡሉ ንዕኡ ዘድሊ ጸጋታትን ዓቕምታትን ተዋዲድሉ ንተግባራውነት ናይቲ ስምምዕ ኪረጋገጽ ኣለዎ ዝብል መትክል ቅቡል ኮይኑ እቲ ዝርዝራቱ ከምቲ ዝበልክዎ ኣብ ዘድልየሉ እዋን ክገብሮ ይኽእል ኣለዎ ብሓፈሻ ንኣብ ዳርፎር ዝጸንሑ ጸገማት ኣለዎ ክብል ኣይኮነን። ብዘወሃኑ እቲ ስምምዕ ኣብ ክልቲኦም ወገናት ዘሎ ኩነታት ብጽኑዕ ደሊሉ ንኣብዘጸሐ ስምምዕ ኣብ ትግባሪ ክትብጽሕ ከለኻ ዘይተጸገሙዎም ሓደ ሓደ ሽግራት ኪጋጥሙ ከለው ኣፈታትሖኦም ምርድዓዱ ዘድልየሉ ኩነታት ኣሎ። ብኢጋ ተቐሪብካ ከይተጸንሕ ስለ እትኽእል። እቲ ጽዋም ወይ ሽግር ዝዘለል ዘሎ ዓቢ ደዩ ንእሽቶዩ - ናይ ብሓቂ ነቲ መስርሕ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ዲዩ? ዝነፍ ስክፍታ ዝፈጥር ዲዩ ኣይፈተን? ብበለ በለው ኣነ ብዙሕ ናይ ምብራቕ ሽግር ኣብ ትግባሪ ብዙሕ ጸገምት ኣለዎ ኢልካ ክትዛረብ ኣብዚ እዋንዚ ታህዋኻ ጥራይ ከይኮነ ዝርኣየ፡፡*

** ኣብዚ ናይ ኒፋሻኻ ብኸልቲኦም ወገናት ነንሓደነኡድ ምትዃነ ኣሎሞ ጠንቂን ሳዕቤናቱን ጸልወሕ ኣብዚ ስምምዕን?*

- ኣብ ከሎሞ ጉዳያት ጸገቕቕ ድሉት ዝደረኽ ስምምዕ ይብጽሕ እዩ። ንትግባሪ ብዘምልክት - ጉዳያት ብዝበጽሕ ክዳብ ብዝገጽሕ ብሓፈሻ ምብጋስ ይኽውን። ኣብ ጉዳዕ ሓደ ሓደ ጸገማት የጋጥሙ፡ ብኢጋ ክፍትሕ ዝጥብኦም ተኣሊኾም ዝጸንሑ ሽግራት ደሓንዮም ቀለልቲዮም ኢልካ ሳሊኾም ይኸደድ። ኣብ ቅድሚኻ ድማ ተገቢድም ደጃንሑኻ። ኣብ ክልተ ዝሰማምዑ ወገናት፡ ናይ ክልቲኦም ብሓቂ ዘይምስሕሕ ዘይፈነ ኣብ ውሽጢ፡ እቲ ሓደ ዝጸንሑ ሽግራት ኣብ ውሽጢ፡ እቲ ካልእ ዝጸንሑ ሽግራት ነቲ ትግባሪ ብዘተፈላለየ መንገዲ ደጋልውዎ። እቲ ጉዳይ ኣብዚ ኣተመሓላለኻ ብቐሊሉ ሕቶታት ዘይምልሽ ይኽውን። ናይ ደቡብን ናይ ሱሜንን ዝተበጽሐ ስምምዕ ግሕወንታውነቱ ኣብ ምርግጋእ ሱዳን ዘለም ኣበርኪቶ ኣቃሊልካ ዝርኣ ኣይኮነን። እዚ ግን ሰለል ኢሉ ክትግበርዩ እተወርሱ ሽግራት ብዘይ ገለ ጽዋም ክኽሰፉ ይኽእሉዮም ክህሊ ኣይኮኑን - ብኸመውኑትዊ መንገዲ ክትርእዩ ከለኻ። ኣብዚም ነቲ ዝርኣ ዝዕንቅጽዮም ክህሊ ከለ ስክፍታ ክትኣብር ትኽእል ኢኻ። እዚ ግን ሰብኣዊኦ ዝጸንሑ ንዝኾኑ ርእሲ ኣብቲ ስምምዕን ኣመጻጽኣ ናይቲ ስምምዕን ዝሰረረ ዘይሩጠብብ ኣተሓሕዝ ፍሉጥ እንክሎ ሽው ክንዲ ዝኸረም ወይ ዝፍወስ ይሓን - ይሓን ተዛዚሉ ዝተሓልፈ፡ ዳሕራይ ግን ሽግር ዝኸውን ኣሎ። ሕጂ ነዞም ሽግራት እንታይዩዞም ክንርእዮ ከለና ሓደ ክልተ መገለጺታት ወይ ዘረባታት ስለዝወጽሑ ንዕኡም ብዝበኽ ክንርድኦም ምእንቲ ነቲ ጉዳይ ክንፈልጦ ነቲ ዝዘለል ዘሎ ዕንቅፋት ከኣ ግቡእ ሚዛኑ ክንህቦ የድሊ። እዚ ናይ ደቡብን ሱሜንን ኣሎ። ግን እቲ ዘበድስ እዞም ሽግራት ኣብ ዝተኣደሉ እዋን ንምፍትሕም ክዝበር ዘለም ዳርጋታትዩ። ግቡእ ጸዕርታት ይግበር ኣሎ ብኸልቲኦም ወገናት ይኸውን ብመሻርኽቶም። ዝዘም ሽግራት እዚኦም ኣሊኻ እቲ ስምምዕ ከም ዝዘርኣ ንምግባር ኣብ ውሽጢቲ መስርሕ ዝርኣይዎም ዘሎው ሽግራት ናቶም ናይ ውሽጠም ይኸውን ቡቲ ካልእ ወገን ዝመጽም ዘሎ ሽግራት ክልቲኦም ወገናት ማለትዩ እናኣረምዎም ይኸዱ ስለዘለው ምናልባት እቲ ዝርጋስ ከምቲ ሰብ ዝደልዮ ከይከይድ ይኽእል ይኸውን - ግን ኣነ ከም ንክር ጽዋም ገይረ እየ ዝወስዶ። እቲ ዋና ነገር ኣብ ክንዲ ብዘዘባ ሽግራይ ምዝራብ ብዘዘባ ኣፈታትሓ ናይ ሽግራት ምዝራብ እዩ እቲ ዝዝቢ።*

** ክብሪ ፕረዚደት ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ንክኒታት ሶማል ብዘምልክት ንዘቕረብልካ ሕቶ ኣብ ገዲዘቕዑ መልሲ ቡቲ ዝተሻደደ ወራር ምርጫ ህዝቢ ሶማል ንድግሙ - ምጅም ሃዲ ክትግዳኽሮ ይኽእል እምባር ተባቢጡ ደው ዝብል ኣይፈነን። ብሓፈሻኹ ክኑ ሶማል ነቲ ወራሪ ሓደሲ ዝቕቲ ክትዛወንያ ኢልካ ኢርኳ። እቲ ዝበልዕዎ ክኑ ደሮ ብምብሪ ኣብ ባይታ ዝርኣ ዘሎ እዩ። ብኣንጻሩ ግን ወሮ ንና ሰራዊቱ የጕቱሎ ብቐድሚ ትማሊ ውን ባይቶ ጸጥታ ንምልኣኽ ዓቃብ ሰላም ዝምልከት ውሳኔ ኣኼሊፉሎ። እቲ ኩነታት ናበይ ጌሩዩ?*

- ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ተብዒብ ጸወታ፡ ሽግሲካ ክትሽፃፍን ኢልካ ገዲ ገዲ፡ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሽግራት ምፍጋር፡ ንግና ሓደሽ ተመክሮ ኣይፈነን። ብዙሕ ርኢና ኢና። ጸባኒ ክንወጽእ ኢና ድሕሪ ጸባኒ ክንወጽእ ኢና ከምዚ ክንገብር ኢና ክበሃል ጸኒሑሎ። ሰብ ዓይኑ ሓመይ እናደፈጋ ክገብሮ ኣይኮልንየ። ሕጂ እቲ ነገር ንጹር ኣሎ - ናበይ ጌሩ ይኸይድ ከምዝሎሎ ከኣ ሰብ ይርድኦ ስለ ዘሎ ዓቕሊ ጊርና ግዜ ዘሎኦ ኣልና እንተኣንብዘና ጸገቕቕዩ።*

** ኢጋድ ኣብዚ ኣሎ ኣብዚ ክኒታትዚ፡ ከም ምትእሽኻብ ዋጋት ውሳኔታቱ ምነኡ ኣለውዶ? ስለምንታይዩ ንዕኡን ንሓባሩ ዝኸኑ ሃገራትን ዝምልከት ጉዳዮት ብርሑቕ ዘለው ሓይልታት ዝወሰነን ዘሎ?*

- ኢጋድሞ ዘይ ንእሽቶ ወድብዩ። ካልኦት ግዘውቲ ብደገ እናተማሓደራ ከለዋስ ኢጋድ ንእሽቶ ዝ ሓጉኑ ነጀ ብደገ ተማሕዲራ ኢልካ ክትዛረብ ክውንት ናይዚ ዘለናዮ ዓለም ዘይምፍላዋ ጥራይ እዩ።

** ገለ ሰብ ስልጣን መንግስቲ ኣመሪካ ክገብር ፕረዚደንት ብተደጋጋሚ ኣንጊር ኤርትራ ዝቐንጐ ጸለመ ዝዛዘ መገለጺታት ክህቡ ጸኒሖም ኣለው። ክብረት ልኡላውነት ኤርትራ ባህ ዘይብለ ኣመሪካ ዝኸኑ ምምስን ፈጠራ ንኤርትራ ክይትገብእ ዝኾኑ ወገናትውን ኣይተሳኽኑን። እቲ መገለጺታት ብሓቂ ንኢይዶ ኣመሪካ ዝወክል ደዩ?*

- ባዕሉ ዝጠቐሰ ሰብሞ ከመይ ገይሩ ጸለመ ክገብር ይኽእል። ጠቐርሲ ንኽልኦት ጠቐር ኢሉ ክዝረብ። ብዘዘባ ጠቐር ኣነ ብዙሕ ዘይምዝራብ ምሓሽ ዘሎኒ እዩ። መንምሞ ትዛረብ ዘሎ መንዩ ዝዝረብ ዘሎ፡ እንታምትዮም እዝኣዮም። እንታይ ገይመማ ኣለው ነዛ እንብረሳ ዘለና ዓለም፤ መግልቲ መግልቲ እንታይ የጋጥም ኣሎ... ኣነ እቲ ብዘዘባም ተገዲሉ ዝሰምዕን ዝዝረብን ስራሕ ዝሰኣነ ጥራይዩ እየ ዝብል።*

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ ኣትሕተም ጋዜጣ

ኣሰናዳኢ፡-
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቁ.ስ 116266-119611
ፋክስ፡ 127749
ቁ.ሳ.ጽ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ፡-
ቁ.ስ. 125394
ምልክታ፡-
ቁ.ስ. 125013
ቁ.ሳ.ጽ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ገብረመድህን፡
ዓወት ሃብቲት፡
ሰላማዊት ክብርኣብ
ራሂል ተስፋይ፡
ሱና ተወልደ፡
ሳምራዊት መስስ

ኣገደስቲ ቴለፎናት

መዋፋእቲ ሓዊ፡-
202099
202260

ቀይሕ መስቀል፡-
122244

ፖሊስ ትራፊክ፡-
186370

ማ.ቤ.ጽ. ፖሊስ ኤርትራ፡
127799

ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፡-
186817